KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ትምህርትን ስልጠናን

ሜላ/ኣገባብ ትምህርቲ

ግዴታዊ ትምህርቲ

ሞያዊ ስልጠና / ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ

ዩኒቨርሲቲ / ክኢላዊ ላዕለዋይ ትምህርቲ

ተፈላጥነት ዲፕሎማ

# ሜላ/ኣገባብ ትምህርቲ

ናይ ስዊስ ናይ ትምህርቲ ሜላ/ ኣገባብ ሓደ ዘላቒ ቀጻልነት ዘለዎ ሰብኣዊ ዕብየት ክእለትን ዓቕሚን ክምጽእ ዝኽእል መንገዲ ኮይኑ ዝትሓንጸጸ ኢዩ። ሓደ ዝለዓለ ዋጋ ዘለዎ ትሕተ ቅርጺ እቲ ናይ ሞያ ስልጠና እዩ። እዚ ንዝለዓለ ዓውደ ስልጠና ወይ ንዩኒቨርሲቲ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ሰረት ዝስርት እዩ።

## ኣመሰራርታ / ኣቓውማ ሓላፍነት

ኣብ ስዊስ ሰለስተ ኣብ ሕድሕድ ዝተመስረቱ ናይ ስልጠና/ትምህርቲ ደረጃታት ኣለዉ።

- ግዴታዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ( Volksschule: Kindergarten, Primarschule und Sekundarstufe I)
- ሞያዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ወይ ማእከላይ ትምህርቲ (Sekundarstufe II)
- ላዕለዋይ ክኢላዊ /ዩኒቨርሲቲ ከምኡውን ላዕለዋይ ስልጠናዊ ትምህርቲ( Tertiärstufe)።

ንኩሎም ደረጃታት ትምህርቲ መንግስቲ ሓላፍነት ይወስድ። ነዚ ዝምልከት ስርሓትን ሓላፍነትን: ኣብ ትሕቲ መንግስቲ: ካንቶን ምምሕዳር ከባቢ ይከፋፈል። በዚ መሰረት ከኣ ሜላ/ ኣገባብ ትምህርቲ ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ።

## ግዴታታት ትምህርቲ

ግዴታዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ኣርጋው: 11 ዓመት ይወስድ። እዚ እቲ ውላድ ወዲ 4 ዓመት ምስኮነ ይጅምር። ቆልዑት ብዘይ ገለ ምኽንያትን ብዘይ ምሕባርን ትምህርቲ ምስዘይከዱ: ወልዲ ይቕጽዑ። ሓደስቲ ሰፈርቲ ናይት ቦታ ምስዝኾኑ: መንእሰያት ክሳብ 16 ዝዕድሜኦም ኣብቲ ግዴታዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ክኣትዉ መሰል ኣለዎም። ደንጉዮም ናብ ስዊስ ዝኣተዉ መንእሰያት ካብ ናይ ትምህርታዊን ናይ ስልጠናን ናይ ምኽሪ ትካላት ኣብ ካንቶን ኣርጋው:(ask!) ንሞያን ካልእን ዝምልከት ሓበሬታ ክረኽቡ ይከእል።

## ስልጠና ድሕሪ ግዴታዊ ትምህርቲ

ዳርጋ ኩሎም ተመሃሮ መንእሰያት:እቲ መሰረታዊ ግዴታዊ ትምህርቲ ምፍጻሞም: ሓደ ቀጻሊ ሞያዊ ትምህርቲ/ስልጠና ይዛዝሙ። ብፍላይ ብዙሓት መንእሰያት ተመሃሮ ዝወስድዎ ውሳኔ: ሞያዊ ስልጠናዊ ትምህርቲ (Berufslehre)ይመርጹ። እዚ ኣብ ቀጻሊ ናብ ዝለዓለ ሞያዊ ስልጠና መንገዲ ይኸፍት። ኣብ ግዜዚ ስልጠና ሞያዊ ብስለት ዝእምት (Berufsmaturität) ዝገብር መንእሰይ: ኣብ ቀጻሊ ሓደ ላዕለዋይ ስልጠና ትምህርቲ (Fachhochschule) ክኣቱ ይኽእል። ብሓርፋፍ ገምጋም 20 ሚእታዊት ናይዞም መንእሰያት ሞያዊ ብስለት ጂምናዝዩም (gymnasiale Maturität) ይዛዝሙ እሞ ናብ ዩኒቨርሲቲ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ዕዳል ይረኽቡ።

## ምወላ ንትምህርቲ

ትሑት ገንዘባዊ ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ብምወላ (Stipendien) ትምህርቲን ስልጠናን ክጠናቐቑ/ ክውድኡ ይኽእሉ።ኣብዚ ናይ ሓገዝ ክፍሊት ንስልጠና እቲ ድሕሪ መሰረታዊ ግዴታዊ ትምህርቲ ዝምልከት ኢዩ። ኣብ ካንቶን ኣርጋው ዝነብሩ ወጻእተኛታት ናይዚ ዕድል ምወላ ተጥቀምቲ ይኾኑ።እዚ ግን ኣብ ዜግነትን መንበሪ ፍቓድ ኣብ ስዊስን ናይቲ ተመሃራይ ወይ ወለዲ ከም ረቓሒ ኣብ ግምት ይእቱ። ዝያዳ ሓበሬታ እቲ ክፍሊ ምወላ (Sektion Stipendien) ናይ ካንቶን ምምሕዳር ይዝርግሕ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.ciao-aargau.ch/ti/school-and-education/education-system

KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ግዴታዊ ትምህርቲ

**ግዴታዊ ትምህርቲ ንቆልዑ መሰረታዊ ትምህርቲ: ንኣብ ቀጻሊ ዕብየት ግዕዞኦም ዘድሊ ፍልጠት የበርክት። ህዝባዊ ቤት ትምህርቲታት ብነጻ ይወሃቡ።**

## ምዝገባ ቆልዑት

ንስርሓት ህዝባዊ ቤት ትምህርቲቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ምሉእ ሓልፍነት ይስከም። ንሓደ ቆልዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንክምዝገብ: ወለዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ወይ ናብ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ይግባእ።

## ደረጃታት ትምህርቲ

ግዴታዊ ትምህርቲ ኣብ ሰለስተ ተኸታተልቲ ደረጃታት ይኽፈል :

- መዋእለ ሕጻናት (Kindergarten) ክልተ ዓመት ዝጸንሕ:
- ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ (Primarschule) ንሽዱሽተ ዓመት ዝጸንሕ። ፍሉይ ጠለባትን ንጥፈታት ድልየትን ዘለዎም ቆልዑት: ፍሉይ ሓገዝ ይግበረሎም።
- ላዕለዋይ ወይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (Sekundarstufe I) ሰለስተ ዓመት ይወስድ። ኣብዚ ደረጃ ትምህርቲ ሰልስተ ዓይነት ትምህርቲ ኣለዉ(Realschule, Sekundarschule, Bezirksschule)። ዝተፈላለዩ ደረጃ ንጥፈታት ከኣ ኣለዎም።

ቛንቛ ጀርመን ዘክእሉ ቆልዑት: ኣብ ኩሉ ደረጃታት ፍሉይ ሓገዝ ይግበረሎም።
ንዝያዳ መላለዩ ዝኸውን ሓበሬታ ኣብ መጽሔት "ቤት ትምህርታት ካንቶን ኣርጋው" der Broschüre "Die Schulen im Kanton Aargau"ይርከብ።

## ህዝባዊ / ናይ ውልቂ ትምህርቲ

ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ይወሃቡ። ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብሓባር ይመሃሩ። ኣቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ካብ ዝኾነ ናይ እምነት ጸግዒ ነጻ ኢዩ። መብዛሕትኦም ቆልዑት ነዚ መሰረታዊ ትምህርቲ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ይዛዝሙ(95%)። ናይ ውልቂ ቤት ትምህርቲ ውን ኣሎ። ወለዲ ንደቆም ናብ ናይ ውልቂ ቤት ትምህርቲ ምስዝሰድዎም: መምሃሪ ክፍሊት ከም ሕጊ ባዕሎም ይኸፍሉ።

## ምእሰልን ግቡእን ወልዲ

ቤት ትምህርቲን መምህራንን ንወለዲ ብዛዕባ መዓልታዊ ንጥፈታት ውላዶም ክሕብርዎም ይግደዱ። ነዚ ከእ ንወልዲ ምዝርራብ መደብ( ኣብ መንጎ መምህርን ወለዲን): ናይ ወለዲ ምሸት ( ሓበሬታ ናይ ቤት ትምህርቲ ንወለዲ) ከምኡውን ናይ ሓበሬታ ምዝርጋሕ መዓልቲ ይግበር። እዚኦም ንወለዲ ቀንዲ ዘይተርፉ ግድነታት እዮም። ወለዲ: ውላዶም ናብ ቤት ትምህርቲ ብቀጻሊ ክኸይድ ምሉእ ሓላፍነት ይስከሙ። ውላድ ኣብ ትምህርቲ ክሳተፍ ዘይክእል እንተኮይኑ( ብምኽንያት ሕማም): ወለዲ ብዛዕባዚ ንቤት ትምህርቲ ክሕብሩ ይግባእ። ውላዶም ዕዮ ገዛ ንክገብር ተገዲሶም ክከታተልዎ ይግባእ። ወለዲ ብተከታታሊ ንውላዶም ብስራሕ ትምህርቱን ዕዮ ገዛን ምስዝቀጻጸርዎን ተገዳስነት ምስዘርእይዎን: ኣብ ትምህርቱ ዓቢ ሓገዝ ይኾኖ። ምስ ናይ ስዊስ ናይ ትምህርቲ ሜላ ንዘይተኣማመኑሉ ሰባት: ፍሉይ ናይ ሓበሬታ መዓልቲ ኣሎ:እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ብካልእ ጀርመን ዘይኮነ ቛንቛ ይወሃብ።

## ሕቶታት / ሓገዛት

ንትምህርቲ ዝምልከት ሕቶታት: ወለዲ ኩሉ ግዜ ንመምህራን ቤት ትምህርቲ ክሓቱ ይግባእ። ኣብዚ ዝያዳ ሓገዝ ምስዘድልዮም ክረብሕሉ ይኽእሉ።መምህራን ብወገኖምውን ተማሃራዮም ጸገማት ወይ ፍሉይ ሕቶታት ምስዝህልዎ ንወለዲ ክውከሱ ይግባእ። ብሓፈሻኡ ወለዲ ምስ መምህራን ርክብ ክገብሩ: ብጥብቕ ብሓባር ክሰርሑን ክመያየጡን ኣገዳሲ ረቻሒ ኢዩ። ንስነ ኣእምሮእዊን ማሕበራዊን ናብራ ጸገማት ዝምልከት ብተወሳኺ ናይ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍልጠት ኣገልግሎት (Schulpsychologischer Dienst) ንወለዲን ቆልዑት ብነጻ ይሕግዝ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.ciao-aargau.ch/ti/school-and-education/compulsory-education

# ሞያዊ ስልጠና / ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ

ድሕሪ መሰረታዊ ግዴታዊ ትምህርቲ: መብዛሕትኦም መንእሰያት ንሓደ ሞያዊ ስልጠና ንምቕጻል ይውስኑ። ኣብ ሓደ ላዕለዋይ ትምህርቲ ክመሃር ዝደሊ: ከም ሕጊ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ብስለት ትምህርቲ ምስክርነት ከርኢ ኣለዎ። እዚ ከኣ ኣብ ዓንኬል ሞያዊ ስልጠና/ትምህርቲ ይከኣል እዩ።

## ትርጉም ሞያዊ ስልጠና

Eine gute Ausbildung und die Stellung im Berufsleben haben eine hohe Bedeutung. Bereits die Leistungen in der obligatorischen Schule sind für die späteren Möglichkeiten sehr wichtig. Nach der obligatorischen Schulzeit stehen den Jugendlichen verschiedene Wege offen, um sich eine gute Ausgangslage für das Berufsleben zu schaffen (Sekundarstufe II). Ohne weitere Ausbildung ist es schwierig, eine gute Stelle zu finden. Die Beratungsdienste für Ausbildung und Beruf Aargau (ask!) beraten Jugendliche und Eltern kostenlos in Fragen der Aus- und Weiterbildung.

## ሞያዊ መሰረታዊ ስልጠና

መብዛሕትኦም መናሰያት ድሕሪ መሰረታዊ ግዴታዊ ትምህርቲ ሞያዊ መሰረታዊ ስልጠና (Berufslehre) ይደልዩ። ኣብ ናይ ሞያ ትምህርቲ እቶም መንእሰያት ኣብ ሓደ ትካል ግብራዊ ንጥፈታት ነቲ ሞያ ዘድሊን ኣብ ጎድኑ ከኣ ሓደ ናይ ሞያ ትምህርቲ ይኸዱ። ካብ 250 ንላዕሊ ዝኾኑ ዓይነት ናይ ሞያ ትምህትታት ኣለዉ። እዚ ናይ ስራሕ ትምህርቲ ካብ 2 ክሳብ 4 ዓመት ይጸንሕ። መንእሰያት ባዕሎም ንዕኦም ዝሰማማዕ ኣብ ሓደ ትካል ናይ ስራሕ ትምህርቲ ይደልዩ። እቲ ምድላይ ኣቐዲሙ ኣብተን ክልተ ናይ መጨረሽታ ናይ ግዴታዊ ትምህርቲ ዓመታት ይጅመር።ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮኡ ኣብዚ ምድላይ ይሕግዞም። ኣብዚ ግን ንወለዲ ውላዶም ይሕገዙ ከምዘለዉ ምሕባር የድሊ። ብተወሳኺ እቲ ወሃብ ኣገልግሎት ምኽሪ ንስልጠናን ትምህርቲን ናይ ካንቶን ኣርጋው (ask!) ንተመሃሮ ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ዝተፈላለየ ምኽሪን ሓበሬታን ይህቦም። ናይ ስራሕ ትምህርቲ ዝዛዘሙ መንእሰያት: ንናይ ሞያ ብስለት ትምህርቲ (Berufsmaturität) ክመልክቱ ይኽእሉ ኣዮም። ኣዚ ወይ ኣብ ግዜ መሰረታዊ ሞያዊ ስልጠና ወይ ናይ ስራሕ ትምህርቲ ምስወድኡ ክገብርዎ ይኽእሉ።

## ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ

ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ (Mittelschulen) ሓደ ሰፊሕ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ይህቡ። እዚ ትምህርቲ ንሓደ ኣካዳሚያዊ ስልጠና ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ክኢላዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ (Fachhochschulen) የዳሉ። ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ: ከም ናይ ጂምናዝዩም ብስለት ትምህርቲ (gymnasiale Maturität) ዝዛዘመን ከም ናይ ክኢላዊ ወይ ሞያዊ ብስለት ትምህርቲ (Fach- oder Berufsmaturität) ዘቕረቡ ኣብ ክልተ ይምቀል።ናይ ጂምናዝዩም ብስለት ትምህርቲ ብዘይ ፈተና ናብ ዩኒቨርሲቲ ክትእቱ የኽእል።ናይ ሞያ ወይ ናይ ክእላዊ ብስለት ትምህርቲ ከኣ ብዘይ ፈተና ናብ ክኢላዊ ላዕለዋይ ደረጃትምህርቲ ክታኣቱ የኽእል። ኣዘን ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲታት: ንናይ ጂምናዚዩም ብስለት ትምህርቲ ዘለዎም ክፉታት: እቶም ዩኒቨርሲታት ከኣ ናይ ክኢላዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ሞያዊ ብስለት ትምህርቲ ዘለዎም ሰባት ( ብሓደ ፈተና) ክፉታት እዮም። ከከም ኩነታቱ ግን ተወሳኺ ጠለባት ይግበረሎም።

## መሰጋገሪ ድልድል ኣቕርቦታት

ካብ 16- 21 ዓመት ዕድሜኦም: ድሕሪ ግዴታዊ መሰረታዊ ናይ ትምህርቲ ግዜኦም ናብ ካንቶን ዝመጹ መንእሰያት: ሓደሓደ ፍሉጣት ረቓሒታት ድሕሪ ምምላእ ናብ ሓድ መሰጋገሪ ስልጠና (Brückenangebot) ናይ ካንቶን ቤት ትምህርቲ ስልጠና (Kantonale Schule für Berufsbildung, ksb) ክሳተፉ ይኽእሉ። እቲ ዝኸበደ ጎድኒ ናብ ስራሕ ዓለም ኣብ እትኣትወሉ ግዜ ይኸውን። ሓደ መሰጋገሪ ድልድል: ንመንእሰያት ናይ ስራሕ ትምህርቲ ወይ መለማመዲ ስራሕ ንክረኽቡ ይሕግዞም። ተገዳስነት ዘለዎም ናብ ወሃቢ ኣገልግሎት ምኽሪ ንትምህርቲን ስልጠናን ናይ ካንቶን ኣርጋው (ask!) ወይ ኣብ ማእከል ሓባሪ መንገዲ ምድላይ ስራሕ (Anlaufstelle Wegweiser) ክውከስ ይኽእል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.ciao-aargau.ch/ti/school-and-education/vocational-education-and-training--middle-school

# ዩኒቨርሲቲ / ክኢላዊ ላዕለዋይ ትምህርቲ

**ኣብ ስዊስ ክልተ ላዕለዋይ ትምህርቲ ኣለዉ። ዩኒቨርሲቲን ክኢላዊ ዕለዋይ ትምህርቲን ይብሃሉ። ናይ ወጻኢ ናይ ብስለት ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ሒዝካ ምስትመጽእ: ብቀጥታ ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ትኽይድ።**

## ሜላ / ኣገባብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ

ኣብ ናይ ስዊስ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ: ዩኒቨርሲቲን ክኢላዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲን (Fachhochschulen) (Tertiärstufe) ተባሂሎ ኣብ ክልተ ይኽፈል። ኣብ ክኢላዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ: ንተግባር ዝዓለመ: ኣብ ዩኒቨርሲቲ ከኣ ንክልሰ-ሓሳብ ዝዓለመ ትምህርቲ ይወሃብ። ክልቲኦም ዓይነት ትምህርቲ ማዕረ ዝቖሙ እዮም: ብና ቦለኛ ሕጊ ኤውሮጳ መሰረት ድማ ማዕረ ይስርዑ።እዚኦም ብደረጃ ባችለር ወይ ማስተር ብሕጊ ኤውሮጳ ተፈሊጦም ይዛዘሙ።

## መእተዊ ረቛሒታት

ከከም ዓይነት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ: መእተዊ ረቛሒታት ይፈላለዩ። ናይ ስዊስ ናይ ብስለት ትምህርቲ ምስክር ወረኞት ብርግጽ ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ የእቱ። ናይ ወጻኢ ናይ ብስለት ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ተቐባልነት የብሉን። ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ንምእታው ሰብ ብቀጥታ ናብ ዩኒቨርሲቲ/ ክኢላዊ ላዕለዋይ ትምህርቲ ማለት ኣብቲ ክመሃረሉ ዝደልዮ የመልክት። ብሓፈሽኡ ምልከት ጀርመናገዳሲ ቅድመ-ኩነት ኢዩ። ገለ ዓውደ ትምህርቲ ቀዳማይ ዓመት ብእንግሊዝ ዝህባ ዩኒቨርሲቲ ኣለዋ። ማእከል ምኽሪን ሓበሬታን ናይ ካንቶን ኣርጋው (ask!) ነዚ ዝምልከት እኹል ሓበሬታ ብዛዕባ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ዘለዉ ተኽእሎታት ይሕብር።

## ዝለዓለ ሞያዊ ስልጠና

ኣብ ኅድኒ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ስዊስ ዝለዓለ ሞያዊ ስልጠና (höhere Berufsbildung) እቲ ተፈታዊ መንገዲ ፍልጠት እዩ። እዚ ናይ ሞያ ላዕለዎት ክኢላታት ብሓደ ፍላ ዓውዲ ዕሚቕ ፍልጠት ሒዞም : ክእላዊ ፍልጠት ንከጥርዩን ቀላሲ ስራሕ ንምኂ ይበቕዑ። እዚ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ መሰረትዊ ናይ ሞያ ትምህርቲ (Berufslehre) ተታሓሒዙ ይመጽእ። ናይ ካንቶን ኣርጋው ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ኣብ ትምህርቲን ስልጠናን (ask!) ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ተኽእሎታት ይህብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.ciao-aargau.ch/ti/school-and-education/universities--universities-of-applied-sciences

# ተፈላጥነት ዲፕሎማ

**ናይ ወጻኢ ዲፕሎማን ምስክር ወረቐትን ኣብ ስዊስ ኩሎም ቅቡላት/ተፈላጥነት ዘብሎም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። መርትዕታት ብምቕራብ ግን ዘሎካ ዲፕሎማ ተፈላጥነት / ቅቡል ክትገብሮ ይከኣል። ንገለ ሞያታት እዚ ናይ ግድን ኣድላዪ ኢዩ።**

## ተቐባልነት / ተፈላጥነት ዲፕሎማ

ናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ዘለዎም ሰባት: ሓደ ሓደ ቅድመ-ኩነት ብምምላእ: ቅቡላት ክገብርዎም ይከእል። ቅቡል ዝበሃል ዲፕሎማ: እቲ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማ: ምስ ናይ ስዊስ ደረጃ ሓደ ዋጋ ከም ዘለዎ ይረጋገጽ። ኣብቶም ብሕጊ ረቓሒታት ዝተወሰነሎም ሞያታት( ንኣብነት: ናይ ሕክምና ክኢላታት: ናይ ትምህርቲ ኽኢላታት) ነቲ ናይ ደገ ዲፕሎማ ቅቡል ክትገብሮን ብሞያኻ ምእንቲ ክትነጥፍ ብሕጊ ናይ ግድን ኢዩ። ነዚ ቅቡል ንምግባር ዝሰርሑ ትካላት ከከም ዓይነት ሞያ ክፈላለዩ ይኽእሉ። ሓበሬታ ካብ ሃገራዊ ናይ ዲፕሎማ ቅቡል መግበሪ ትካል (Nationale Kontaktstelle für Diplomanerkennung) ወይ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ንስልጠናን ሞያን ካንቶን ኣርጋው (ask!) ምውካስ ይከኣል።

## ምርግጋጽ ደረጃ ስልጠና

ብሕጊ ኣብ ዘይተሓንጸጹ ሞያታት: ዲፕሎማ ቅቡል ምግባርን: ኣብ ስዊስ ንክትነጥፈሎምን ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን።ነዞም ሞያታት ዚኦም ናይ ደረጃ መረጋገጺ ምስክር (Niveaubestätigung) ክሕተት ይከእል። እዚ ምስክርነት ናይ ስራሕ ዋጋ ናይቲ ዲፕሎማ ኣብ ስዊስን ናይ ትምህርቲ ሜላን ኣገባብን ንምንጽጻርን ኣብ ምድላይ ስራሕ ከም ምስክርነት ይሕግዝ። ሓበሬታ ንመረጋገጺ ደረጃ ዲፕሎማ ካብ ሃገራዊ መወከሲ ማእከል ናይ ዲፕሎማ ተፈላጥነት ወሃቢ ኣካል (Nationale Kontaktstelle für Diplomanerkennung) ወይ ካብ ናይ ምኽሪ ማእከል ንስልጠናን ትምህርቲን ኣብ ካንቶን ኣርጋው (ask!) ምውካስ ይከኣል።

## ምድጋም ዝተመረቐካሉ / ዝዛዘምካዮ ሞያ

ሞያዊ ተሞክሮን ትምህርቲን ዘልዎም :ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ መንእሰያት: ሒዞሞ ዝመጽኡ ዲፕሎማ ቕቡል/ ተፈላጥነት ዘይብሉ መስዝኸውን: ኣብ ስዊስ ሞያዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ወይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ደጊሞም ክመሃሩ ይኽእሉ። ናይዚ መስርሕ: ኣብ ናይ ቀደም ትምህርቶም: ሞያዊ ተመኩሮኦምን ዕድሜኦምን ይምርኮስ። ኣብዚ ጉዳይ ኣፍልጦ ጀርመን (NiveauB1/B2 nach GER) ቀንዲ ወሳኒ ረቓሒ ኢዩ።ኣብዚ ጉዳይ ዝግደስ ሰብ: ኣብ ናይ ስራሕ መእተዊ ማዕጾ ናይ ካንቶን ኣርጋው (Eingangsportal Aargau) ብነጻ ሓበሬታን ምኽሪን ክረክብ ይኽእል። ዝነበሮ ሞያ ደጊመ ኣብ ስዊስ ዝመሃር: ዝያዳ ዕድል ንስራሕን ንቀጻሊ ትምህርቲን ይረክብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.ciao-aargau.ch/ti/school-and-education/recognition-of-qualifications